# <u>ሰይጣን ርሓቕ ካባይ ሓገዝካ ይትረፈኒ</u>




ሰይጣን ርሓቕ ካባይ ሓገዝካ ይትረፈኒ
ብፍቕሪ ክነብር ሰላመይ ሃበኒ
ምስ መን ዘይመኽርካ ዶብና ከተህስስ
ምስ መን ዘይሸረኽካ ኤርትራ ክትድምስስ
እንታይ ዘይምሃዝካ ንዓይ ከተደንዝዝ
ሕሹኽ እንዳበልካ ጎሮቤት ትጥምዝዝ
ሓጸዊን ተንፍር ደበና ክትብጽብጽ
ስኽፍ ዘይብለካ መሬት ከተንቅጽ
ሰይጣን ርሓቕ ካባይ ሓገዝካ ይትረፈኒ
መሬተይ ከልምዕ ሰላመይ ሃበኒ
ስሱዕ ጸላኢና በዕጽምቲ ዝምውጽ
ንሱ ዝበሎምበር ናትና ዘየድምጽ
ሓፋሽ ይትዓጠቕ ዓው ኣቢልና ድምጺ
ሓይልና ነደልድል ከይኣቱ ዓማጺ
ሳዋ ሳዋ ሳዋ ሳዋ ዛብራዋ
ሳዋ ሳዋ ሳዋ ዲሲፕሊን ኣለዋ
ሰይጣን ርሓቕ ካባይ ሓገዝካ ትረፈኒ
ደቀይ ንኽዕቢ ሰላመይ ሃበኒ
ደቀይ ንኽደልድል ሰላመይ ሃበኒ
ደቀይ ንኽምህር ሰላመይ ሃበኒ
እምቢ ንበል ንሰይጣን ብሓበራ
ርሑስ በዓል ናጽነት ንህዝቢ ኤርትራ




ተስፋይ ትካቦ / ጀርመን (Karlsruhe)